# ኮሮና ቫይረስ

ቀጺሉ’ምበኣር ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ተወሳኺ ሓበሬታ ምንባብ ይከኣል፣ ሕቶ ምስ ዝህለወኩም በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ምድዋል ይከኣል፣0800-1351





**ኣብ ቤትን ኣብ ደገን ከነተግብሮም ዝግባእ ምኽርታት:**

- ናብ እትኸዶ ቦታታት ተኣኪብካ (ብእኩብ) እይትኺድ።
- ካብ ካልኦት ሰባት ናይ 1,5 ሜትሮ ርሕቀት ሓሉ።
- ክሳብ 13 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ እዋን ስፓርት(ምንቅስቓስ) ክረሓሓቑ ኣየድልይን እዩ።




**ህዝባዊ መጎዓዝያ**

- ናይ ግድን ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ጥራይ ህዝባዊ መጎዓዝያ ተጠቀም፡ ጻዕቂ ምስ ዝህሉ ግን እይትጠቀም።
- ኣብ ኣውቶቡስ፣ ትራም፣ ሜትሮ፣ ባቡር ከምኡ’ውን ኣብ ጃልባ ናብ ዋንደንኣይላንደን(Waddeneilanden) ናይ ኣፍ መሸፈኒ ( ማስክ) ግበር። እዚ ድማ ካብ 1 ሰነ ጀሚሩ ግድነት ኮይኑ፣ ማስክ ምስ ዘይትጥቀም መቕጻዕቲ ክትቕጻዕ ትኽእል።











**ምኽሪ ንምልክታት (ጥርዓናት) ዘለዎም ሰባት:**

እንተድኣ ረስኒ ሃልዩካ (ልዕሊ 380C)፣ ወይ ድማ ሕጽረት ትንፋስ ምስ ዝገብረልካ ካብ ቤትካ ክትወጽእ ኣይግባእን። ኩሎም ምስኻ ዝነብሩ'ውን ካብ ቤት ክወጹ ኣይግባእን።

ካብዞም ዝስዕቡ ምልክታት1 ወይ ልዕሊኡ ምስ ዝህልወካ

- ሰዓል
- ምሕንጣስ
- ጸረርታ ናይ ኣፍንጫ ወይ ንፋጥ
- ምሕርሓር ናይ ጎሮሮ (ቃንዛ ናይ ጎሮሮ)

ንስኻ ጥራይ ካብ ቤት ኣይትውጻእ፣ ኣብ ጥቓ ካልኦት ሰባት ድማ ኣይትቕረብ።

**ምኽሪ ንኣረጋውያን(ዓበይቲ)፣ ምሉእ ጥዕና ንዘይብሎም ሰባት ወይ ድማ ሓማም ንዘለዎም ሰባት፣**

- ብዝተኻእለ መጠን ካብ ቤት ኣይትውጽኡ። ናብ ደገ ምስ ትኸዱ ግን ብጥንቃቐ ግበርዎ።

**ንሓኪም(huisarts) ምድዋል ዘድልይ ምኳኑ ንምፍላጥ**

1. ኣብ መርበብ ኢንተርነት Thuisarts.nl ዝብል ገጽ ምርኣይ ይከኣል።
2. ኣብቲ ናይ ምርጫ ሳንዱቕ 'corona' ኢልካ ብምምላእ 'zoeken' ዝብል ጠውቕ።
3. ካብቲ ዝረኸብካዮ ዝርዝር ድማ 'Ik denk dat ik het nieuwe coronavirus heb' ዝብል ምርጫ ምረጽ
4. Voorlezen ኣብ ልዕሊ እዛ ምልክት ብምጥዋቕ ድማ ነቲ ጽሕፈት ክትሰምዖ ይከ ኣ ል።

**ናብ ሓኪም(huisarts) ኣይትኺድ፣ ኣቐዲምካ ደኣ ደውል።**



## ካልእ ሕቶ ምስ ዝህልወካ፣

**ናብዚ ቁጽሪ'ዚ ደውል፡ 0800-1351**